# ኢድ ኣእታውነት ንሓደን ጽድቒ ነቲ ካልእን ሓጥያት ኮይኑ ዝግለጽ ኣይኮነን

ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ዞባናን፡ ብሓፈሻ ናይ ዓለምና ተምሳሌት ሕድሕድ ምንጽጻግን ምብላሕ ግርጭትን ፣ ተምሳሌት ግህሰት መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ መሰል ዜጋታት፡ ተምሳሌት ዘይምእዙዝነት ንልዑላውነት ሕጊ ፣ ተምሳሌት ዘየቓርጽ ዉግእን ወረ ዉግእን ዘይፍለዮ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ናይ ሕጂ ጽሑፈይ ግን ብፍሉይ ኣብ ጎረቤትና ሃገር ኢትዮጵያ ዘሎ ወጥርን ዘይህዱእ ፖለቲካዊ ቅልውላዉ ኣብ ዝምልከት ብዉልቐ መላኺ ስርዓት ኣቶ ኢሳያስን ካብ ተቓወምቲ ሓይልታት ( ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ዝኾና ገለ ዉድባት ፡ ሰልፍታት፡ ናይ ሚድያ ትካላት፡ ክሳብ ብዉልቐ ደረጃን ) ዝወሃብ መደረን መግለጺን ኣብ ዝምልከት ርእይቶይን ትዕዝብተይን ኣብ ምግላጽ ዝተሓጽረ ክኸዉን እዩ።

ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ጌና ብጊሓቱ ህዝብና ናይ ነጻነት ንፋስ ከየስተማቐረ፡ ንሃገራዊ ዕርቒ ዝተጻረረ፡ ብዘይካ ንሱ ዝመርሖ እንኮ ዉድብ ኻልኦት ኣብ ኤርትራ ክህልዉ ከም ገበን ዘቑጽር ምኻኑ ዝኣወጀ ጸረ ሓድነትን ዕሉል ገባቲ ሓይሊ ምኻኑ ዘነጸረ እኪይ ጉጅለ እዩ። ። ብኣቶ ኢሳያስ ዝምራሕ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ እምበኣር ስለምንታይ ኣብ ዉሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ኢድ ምትእትታው ተቐጢቡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ዝተሰረተ ሰናይ ጉርብትና ክግበር ዘይመረጸ ? ዝብል ሕቶ መልሲ ንምርካብ ብዙሕ ጻዕርን ምርምርን ዘይሓትት ብሩህ ከም ጸሓይ ቐትሪ እዩ።  ናይ ምልኪ ፖሊሲታቱ ኣብ ኤርትራ ዝተሓጽረ ጥራሕ እዉን ኣይነበረን ። ናይ ዞናና ጎብለል ንክኸዉን ዘለዎ ሕልሚ ንምርዋይ ምስ ኩለን ዝዳወባናን ጎረባብቲ ሃገራትን ( ሱዳን፡ የመን፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ድሒሩ ድማ ምስ ኢትዮጵያ፡ ) ብብግዝይኡ ሓዊ ብምጽሕታር ኣብ ረጽሚ ክኣቱ ግዜ ኣይወሰደሉን ከቓርጽ እዉን እትጽበዮ ኣይኮነን። በዚ ጥራሕ እዉን ደው ከይበለ ንግጉይ ፖሊሲታቱ ዝነቐፉን ዝተጻረሩን መንግስታታን ኣህጉራዊ ትካላትን እዉን ካብ ብማዕዶ ምኩርባብን ምጽራፍን ደው ኣይበለን ። ዕሸል ሃገርና ድማ በዚ ጉጉይ ናይ ምልኪ ዓንዳሪ ስርዓተ ምሕደራ ብሓፈሻ ካብ ማ/ሰብ ዓለምና ብፍላይ ድማ ክብ ዞናና ዝተነጸለት ገይርዋ ጸኒሑን ኣሎን።

መብዛሕትአን ናይ ዞባና ሃገራት ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ናይ ሰውራና ተሓባበርቲ ገሊአን ድማ ከም ደጀን ኮይነን ዝተደጋገፋናን ዝተሓባበራንን ምኻነን ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቒ እዩ። እቲ ክኸዉን ዝግበኦ ድማ ነዚ ቅዱስ ዉዕለተአን ልዑል ክብሪ ክወሃቦን ከነመስግንን ምስተገበአ። ነዚ ቅዱስ ስነ ምግባር መሰረት ዝገበረ ድማ ንሓባርዊ ረብሓ ዝዓለመ ድልዱል ዝምድና ንምጥራይ ክሕግዘናን ካብ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ጣልቃ ኣእታውነት ክንቑጠብን ንልምዓት ከነማዕዱን እዩ ዝግባእና። እንተኾነ ዉልቐ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቒ ነቲ ሕሱም ሕርፋን ናይ ዞናና ጎብለል ምኻን ሕልሙን ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዘሎ ኣምባገነናዊ ምሕደራን ፖሊሲታቱን ተገንዚብካ ካብ ኢድ ኣእታውነት ነጻ ክኸዉን ምጽባይ የዋህነት/ዕሽነት እዩ። ስለዚ ሎሚ እዉን ኣብ ዉሽጣው ጉዳይ ኢትዮጵያ ኢደይ ኣጣሚረ ኣይርእን ኢሉ ክዛረብ ምስማዕ ክድንጽወናን ሓዲሽ ክኾነናን ኣይክእልን። ተቐባሊ እንተረኺቡ እዉን ከማሕድረኩም ዝኽእል ኣነ እየ ብማለት ጦብሎቅሎቅ ክብል ዉሁብን ባህርያት ታሪኽ ጉዕዝኡን ዝምስክሮ ሓቒ እዩ።

ብወገን ተቓወምቲ ሓይልታት ( ደለይቲ ፍትሒ ዉድባት፡ ሰልፍታት፡ ሲቪክ ማሕበራት፡ ናይ ሚድያ ትካላት፡  ጉጅለታትን ዉልቐ ባእታታትን) ስርዓት ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቒ ናይ ስልጣን ኮርሻ ካብ ዝተወጣሓሉ እዋን ኣትሒዞም ፡ ምልካዊ ምሕደራኡን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘውርዶ ግፍዕን ስቅያትን፣ ከምኡዉን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ሓዊ ብምጽሕታር ናይ ዕሸል መንእሳያትና ህልቒት ጠንቅን ጣልቓ ኢድ ምትእትታዉን ብምጽራር ክጽሕፉን ንዓለም ማሕበረ ስብ አቓሞም ክገልጹን ጸኒሖም እዮም። ከምኡዉን ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣህጉራዊ መጋባእያታትን ብምስታፍ መዘክራት ብምጽሓፍ ንዓንዳሪ ባህርያት ስርዓት ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ምቅላዕ ዓቢን ዝነኣድን ተራ ክጻወቱ ምጽንሖም ብሩህ ሓቒ እዩ። ብፍላይ ከም ኣብ ሱዳን፡ የመን፡ ጅቡቲን ሶማልን ዘካይዶ ዝነበረ ጣልቃ ምትእትታው፣ ክሳብ ናይ መንእሰያትና ህይወት ሕልፈት ዘብጸሐ ተሓታቲ እዚ ዓንዳሪ ዉልቐ መላኺ ስርዓት ምኻኑ ብዘየወላዉል በዞም ሓይልታት ደለይቲ ፍትሒ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ።

እዚ ሕጂ ኣብ ጎረቤትና ሃገር ኢትዮጵያ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብዝምልከት በዞም ገለ ኣካላት ደለይቲ ፍትሒ ዝፍለጡ ዝቐርብ መግለጺ፡ መደረ፡ ኣቓም፡ ኣብ ሚድያን ብጽሑፍን .......... ወዘተ፣ ከምኡዉን በተን ጸጊዕ ደለይቲ ፍትሒ ዝፍለጣ ናይ ሚድያ ትካላት ብብግዝይኡ ዝኺዋሕ ግን ኣይግድን። ዝተጻንዐን ነዊሕ ዝጠመተን ኣብ ክንዲ ፈተውቲ ጻላእቲ ዝዕድም ከይከዉንን፡ ኣብዘይጉዳይና ምትእትታው ኢድ ዝመስል ኮይኑ፡ ብቐንዱ ድማ ነቲ ዝጸንሐ መትከላዊ እምነትን ጸረ ኢድ አእታውነትን ዝጋጩ ይመስለኒ።

ኣብ ኢትዮጵያ ብኽልተ ተጻረርቲ ፖሊቲካዊ ሰልፍታት ብልጽግናን ወያኔን / PP & TPLF / ነንሕድሕዶም ብምጥሓስ ሕገ መንግስቲ ዝካሰሱ ሓይልታት ኣብዝልዓለ ጫፍ ፖሊቲካዊ ወጥሪ ምህላዎም ብሩህ እዩ። ቤት ምኽሪ ፈደረላዊ መንግስትን ቤት ምኽሪ ናይ ህዝቢ ተወክልቲን ብዘጽደቅዎ ዉሳኔ ተሞርኪሱ ብወገን ብልጽግና እቲ ኣብ ስልጣን ገዛኢ ዘሎ ሰልፊ ኣብ ክልል ትግራይ ህዝባዊ ምርጫ ከይገብርን እንተተግቢሩ ድማ ካብ ሕገ መንግስቲ ዘፍቅዶ ወጻኢ ብምዃኑ ተፈጻምነት ከምዘይህልዎን ኣቐዲሙ ኣፍሊጡ ጸኒሑ። ብወገን ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ድማ ንባዕሉ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ካብ 25/30 ጥቅምቲ ንደሓር ስልጣን የብሉን ክእዝዝ ኣይክእልን ዝብል ተሪር መርገጽ ብምሓዝ ነቲ ዉሳኔ ዕሽሽ ብማለት ምርጫኡ ከምዘካየደ ዝፍለጥ እዩ።

ኣብዚ ርሱን ፖለቲካዊ ወጥሪ ኢትዮጵያ፡ ናይ ህዝብታት ሓባራዊ ረብሓን ሰናይ ጉርብትናን ዘይግድሶ ዉልቐ መላኺ ስርዓት ኣቶ ኢሳያስ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ዶክተር ኣብይ ዘጥረዮ ዝምድና ካብ ዝነበሮ ተነጽሎ መውጽኢ ጽቡቅ ኣጋጣሚ ኮይንዎ ጸኒሑ፣ ንወያኔ ዘለዎ ጽልእን ቅርሕንትን መውጽኢ ክግልገለሉ ድማ ኣብ ዉሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኢደይ ኣጣሚረ ኣይክርእን ብዝብል እዉጅ መርገጽን ኢድ

ኣእታውነትን እዉን ሰሚዕና። መንቀሊኡ ድማ ስኒት/ዕርቒ ንምምጻእ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ወያኔ ዘለዎ ጽልእን ቅርሕንትን ዝመንቀሊኡ ምኻኑ ብሩህ እዩ። ንሰናይ ጉርብትና ህዝብታት ከም ቑርን ኣስሓይታን ከምዘፈርሆ ድማ ሎምስ ዘየለለዮ ዘሎ ኣይመስለንን።

ሓቒ እዩ !!! ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶክተር ኣብይ ምስ ዉልቓ መላኺ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝገብሮ ሕግብግብን ናይ ፕሮቶኮል ሕጊ ክሳብ ዝሰሓተ ተግባርን ገለጻን ንህዝቢ ኤርትራ ዘቖጠዐን ዘነደረን ህያው ኩነታት ክንርኢ ምጽናሕና ዕሽሽ ተባሂሉ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ብሓፈሻ ሃገራዉን ኣህጉራዉን ዝተፈላለያ ትካላት ዓለምና ብምስሊ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኣብ ኣፍሪካ ዝግለጽ ዉልቓ መላኺ ኢሳያስ ንቀዳማይ ሚኒስተር ዶክተር ኣብይ ዝተኸወለ እዩ ክበሃል እዉን ኣይከኣልን። ህዝቢ ኤርትራ ልዑላዊት ሃገር ኤርትራ ህያው ክትከዉን ብደም ብሉጻት ደቑ በጃ ኸፊሉ ዝትሃንጸት ምኻና እዉን ሕልና ቀ/ሚ ዶክተር ኣብይ ዝስሕቶ እዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ነዚ ሕጂ ንሱ ንስልጣን መዳይቦ ኮይንዎ ዘሎ ሓይሊ ክመጽእ እዉን ዓቢ ተራ ኤርትራውያ ተቃለስቲ ንነጻነት ናይ ትማሊ ዝኸሪ ስለዝኾነ ሕልና ቀዳማይ ምኒስተር ዶክተር ኣብይ ባዕሉ ህያው ምስክር እዩ።

ካብዚ ልዒሉ ተጠቒሱ ዘሎ ሓቒ ነቒሎም ብገለ ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ንቀ/ሚ ዶክተር ኣብይን መንግስቱን ሒዝዎ ዘሎ ጉጉይ መንገዲ ተቓውሞኦም ከስምዑ ዝኾነ ሕልና ዘለዎ ዝጽበዮ ሓቒ እዩ። ይጽንሓለይ ዘይበሃልን ግዜ ክመጥጥን እዉን ኣይግባእን። ንተቓውሞኻን ርእይቶኻን እትጥቀመሎም ቛንቛ ድማ ጽልኢ ብዝዕድም፡ ጽዩፍ ቃላትን ቅጽላትን ከሰንዮ ተመራጺ ኣይመስለንን። እኺደአ ዉርዙይን ረዚን ትርጉም ዘለዎ መግለጺ ተጠቒምካ ከተቅርቦ ቀ/ሚ ዶክተር ኣብይ እንተዘይሰምዖ ካልኦት ጸለውቲ ሓይልታትን ባእታታትን ኢትዮጵያ ደገፍ ክርከቦ ዝከኣል እዩ እብል። ኣዓዋቲ ፖለቲካዊ ጸወታ ድማ እዩ። ብፍላይ ንዓና ንኤርትራውያን ኣብ ህልዊ ፖለቲካዊ ወጥሪ ኢትዮጵያ ንኢድ እታውነት ዉልቓ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ እንዳኮነና ብቀ/ሚ ዶክተር ኣብይን ዘይቅሉዕ ምስጢር ዝምድንኦምን ተሞርኪስና ጸጊዕ ዘለዎ መርገጽ ምሓዝ ዝግባእ ኣይኮነን። ንጉጉይ ተግባራት ኣብ ጉዳይካ ተቓውሞኻ ብዉሕሉል ምግላጽን ልቓሕ ቦሰሮ ምስ ዉልቓ መላኺ ኢሳያስ ብዘለዎ ቅርበት ዘግልጽ ኣቓም ክንወስድን ክልቲኡ ዝተፈላለየ እዩ። ተቓውሞና ንኢድ ኣእታውነት ስርዓት ኢሳያስ ብመትከላዊ ዓይኒ እንተኾይኑ ድማ ንዕኡ ዝኽልክል ንዓና ዘፍቅድ ክኸዉን ኣይክእልን እዩ። ኢድ ኣእታውነት ብሕብሪ ጸሊም ጻዕዳ ኢልካ ዝግለጽ ዘይኮነ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ብተግባር ዝግለጽ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ ብሰንኪ ዉልቓ መላኺ ስርዓተ ምሕደራ ተሰዲዶም ንትግራይ ዝመጽኡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታትና ብመንግስቲ ክልል ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ዝግበረሎም ሰብኣዊ ኣቐባብላን ምድግጋፍን ኣብ ሕልና ህዝብና ፍሉይ ቦታን ክብርን ዘለዎ እዩ ። ህዝባዊ ውያኔ ሓርነት ትግራይ TPLF ንኤርትራ ልዑላዊት ሃገር ክትከዉን ዝወሰድዎ ኣቓም ንዘንተዕለት ኣብ ማሕደር ታርኽ ዝሰነድን ልዑል ክብሪ እንህቦን ህያው ሓቒ እዩ። እንተኾነ ነባርን ዘይቅየርን ፖለቲካዊ መርገጽ እዩ ክበሃል ዝድፈር ኣይኮነን። ስለዝኾነ እዩ እዉን ኣብቲ ንልዑላውነት ኤርትራ ዝተወሰደ እቓም ዝነበሩ ላዕለዎት ናይ ኣመራርሓ ጽፍሒ ሎሚ ንወደባትና ክምቀሉን ዋንነት ክህልዎምን ክሳብ እዉን ብሓይሊ ዓመጽ ክውሰድ ክምድሩ ዝስማዕ። ቀሊል ዘይኮነ ጽልዋ ዘለዎምን ቀረብ ናይ ህልዊ ኣመራርሓ ወይኔ ምኻኖም እዉን ስቱር ኣይኮነን። ኣብ ትግራይ/መቐለ ዝመደብሩ ብኣግኣዝያን ዝፍለጥ ምንቅስቃስ እዉን ንህዝቢ ኤርትራ ክጐዛዝዩን ሓዊ ከሳውሩን ዝዉዕሉ ካብ ላዕለውይ ጽፍሒ ኣመራርሓ ወያኔ ዝተሰወሩ ደቒ ሕድርትና ኣይኮኑን።

ትግራይ ኣካል ኢትይጵያ ብምኻና ድማ ትግራይ ምስ ካልእ ኢትዮጵያዊ ሓይሊ ኣብ ትገብሮ ዘይምቅዳው ጣልቓ ክንኣቱን ምስ ሓደ ወገን ጸጊዕ ሒዝና ነቲ ካልእ ክንጻረርን ዝግባእ ኣይመስለንን። ደገፍቲ ስርዓት ዉልቓ መላኺ ኢሳያስ ንትግራይ ከም ዕንቅፋት ንምጥራር ዶብን ካብ መሬትና ኣይወጽእን ዝበለት ገይሮም ክቅርብዎ ይስምዑ እዮም። እቲ ሓቒን ኣህጉራዊ ሕግን ከም ዶብን ዝተጐብጠ መሬትን ምስ ክልል ናይ ሓንቲ ሃገር ክውዳእ ዘፍቅድ ግን ኣይኮነን። ሰዓብቲ ዉልቓ መላኺ ዝብልዎ ገዲፍና ግን እቶም ደለይቲ ፍትሒ እንብል ኣብ መትከላዊ ራእይናን ንነባሪን ዘላቒን ፍታሕ ግርጭት ከነማዕዱ ይግባእ። ክልል ትግራይ ምስ ብልጽግና ዘለዎም ወጥሪ ድማ ንኢትዮጵያውይን ዝምልከት ዉሽጣዊ ጉዳዮም ኮይኑ ብሰላምን ብዘተን ክፈትሕዎ ክንጽዉዕን እዩ ዘርበሓና። ወዮደአ ተሰማዕነት ዘለዎ ሓይሊ ኣይኮናን እምበር ክህልወና ዝኽእል ዝምድና እንተዝነብር ናይ ዓራቒ ተራ ክንጻወት እዩ ረብሓና። እቲ ምንታይ ኢትዮጵያ ከም ጎረቤት ሃገር ዋላ ዝተበደልናዮ እንተሃልዩ እዉን ( ካብ ሓደ ወገን ወይ ዝበዝሐ ክፋል ) ካብ ዘይርጉእ ኩነታትን ሰላም ዝሰእነ ጎሬበት ህዝብን ሃገርን ኣይንረብሕን ጥራሕ ዘይኮነ ብቐጥታ ከምዝጸልወና እዉን ምግንዛብ የድሊ። ነዚ ዘይግንዘብን ቦታ ዘይህብን ድማ ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ምክብባርን ፖሊሲ ዘይእምን ብኢድ ኣእታውነት እንገልጾ ዉልቓ መላኺ ስርዓት ጥራሕ እዩ። ኣብ መጠቓለሊ ጽሑፈይ፣ እንወስዶም መርገጻት ኣብ ዘይጉዳይና ብኢድ ኣእታውነት ዘይኽሰሰና ፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ጉዳይና ዘላቒ ረብሓ ዘረጋግጽን ዝተጻንዐን ክኸዉን ይግባእ። ኣካላት ደለይቲ ፍትሒ ወነንቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት እዉን ነዚ ግምት ዘእተወ ክቓልሓን ነዚ ብዝጻረር ንጽልኢ ዝዕድም ካብ ምቕላሕ ክቑጠባን ብዝያዳ ንፍትሓዊ ቓልስና ዝሕግዝን ኤርትራዊ ዕዮ ገዛና ክንሰርሕን ዘተባብዕ ከተኩራ ይግባእ እብል።

ብርሃነ ተስፋጋብር